## ዜና 13 ሓምለ 2007

## ኣብ ዝመጽእ ቅንያት ኣብ አስመራን ከባቢኣን ጽዑቕ ግፋታት ክካይድ መደብ ክምዘሎ ይፍራሕ።

ካብ ኣስመራ ናብ ስቱድዮና ዝመጸና ሓበሬታ ከምዝሕበሮ ኣብ ዝቕጽል ቅንያት ኣብ ከተማ ኣስመራን ከባቢኣን ብርቱዕ ግፋ ክካየድ መደባት ከምዘሎ ይገልጽ።ብመሰረት እቲ ሓበሬታ፡ ግፋ ኩሉ ግዜ ዝካየድ እኳ እንተኾነ እዚ ናይ ሕጂ ግን ብመጠኑ ከምቲ ቅደሚ ገለ ዓመታት ኣብ ዓዲ ኣበይቶ ሓደጋ ዘጋጠመሉ እዋን ዝመሳሰል እዩ ክብል ይሕብር።

ምኽንያት ናይ'ዚ መጠነ ሰፊሕ ግፋ ይብል እቲ መልእኽቲ፡ ገለ ካብቶም ንዊዓ ንኽወርዱ ዝተነግሮም ዜጋታትን፡ ናብ መበል 21 ዙርያ ክወርዱ ዝግብኦም ተማሃሮን ነቲ ዝቐረበሎም ጻውዒት ብምንጻግ ኣብቲ ዝተሓበርዎ ቦታ ስለዘይተረኽቡን ንዕየም ንምህዳን ከምዝኾነን፡ካብኡ ሓሊፉ'ውን ብዝሒ ዘይሕጋዊ መንቀሳቀሲ ኣሎ ዝብል ወረ ስለዘሎ ንምጽራይ ምኳኑ እቲ መልእኽቲ ይሕብር።

## ፌስቲቫል ህግደፍ ኣብ ሎንዶን ፈሺሉ፡

ግዱሳት ዜጋታት ካብ ሎንዶን ናብ ድምጺ መሰልና ደሊና ኣብ ዝሰደድዎ መልእኽቲ፡ወኪላት ስርዓት ህግደፍ ነቲ ኣብ ከተማ ለንደን ኣብ ዓመት ዓመት ዝካይድዎ ፌስቲቫል መቐጸልትኡ ንዝተሓስበ መደባት ተሰናኺሉ ኽብሉ ገሊጾም።

እቶም ዜጋታት ከምዝብልዎ፡ እዚ ክኸውን ዝኽኣለ ነበርቲ ዓባይ ብሪጣንያ ዝኾኑ ስቪካውያን ማሕበራትን ግዱሳት ኤርትራውያንን፡ ስርዓት ህግደፍ ኣብ ህዝብና ዘውርዶ ዘሎ ግፍዒን ዓመጽን ዝገልጽ ደብዳቤታትን ኢመይላትን ናብቶም ወነንቲ መኣከቢ ኣዳራሻትን ዝምልከቶም መንግስታዊ ትካላትን ድሕሪ ምስዳድ ከምዝኾነ ሓቢሮም።

ኣስዒቦም እቶም ዜጋታት ኣብዚ እዋን ብስርዓት ህግደፍ ዝካየድ ዘሎ ፌስቲቫላት ንህዝቢ ብዝተፈላለየ ምኽንያታት ኽፋፊልካ ኣብ ኤርትራ ንዘሎ ምልካዊ ስርዓት

ዕድሚኡ ንምንዋሕ ዝዓለመ ጎስጉጓሳት ንምክያድን፡ ገንዘብ ኣብ ምድላብ ዘተኮረን እምበር ንህዝቢ ዘቀራርብን ዘረዳድእን ኣይኮነን ይብል እቲ ሓበሬታ።